ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE
erit-alliance.com
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
التحالف الديمقراطي الارتري

# ዕዉት ሕዝባዊ አከባ ብወከልቲ መራሕቲ ኪዳን አብ ኢንዲያናፖሊስ ኢንዲያና ብዕለት 12/6/08 ብዓወት ተፈጺሙ።




ኤሪትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብናይ ህዝቢና ጻዕሪን ተቃለስቱን ዉዱባቱን ሰልፍታቱን ሲቪካዊ ማሕበረ-ሰባትን ፈተዉትን ሓድነታዊ ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ ናብ ጥርኑፍ ሓዲሽ መድረኽ ናይ ቃልሲ ድሕሪ ምስግጋሩ ንጸረ-ህዝቢ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብምዉጋድ አብ ክንድኡ ሕብረ-ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል አብ ዝግበር ዘሎ ተጋድሎ ዕዙዝ ተሳትፎ ናይ ህዝብና ንምርግጋጽን ኤሪትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምድልዳል ብኡኡ መጠን ደምበ ተቓዉሞ ንምሕያል ላዕላዋይ ልኡክ ኪዳን አብ ኤሮፓን ሰሜን አሜሪካን ካናዳን ዓበይቲ ከተማታት ዕውት ዝኮነ ዑደቱ አሳላሲሉ ብ12/6/08 ናይ ህዝቢ አኼባ ክጋባእ ተወከልቲ ዉድባት ኤሪትራዊ ኪዳን ጨንፈር ኢንዲያናፖሊስ ኢንዲያናን ከባቢአን ብዝገበሩዎ ጸዋዒት መሰረት ሙሁራትን መንእሰያትን ዝተካፈሉዎ ዕዉት አኼባ ተሳላሲሉ።




ነዚ ኣኼባ ኣቦ-ወንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤሪትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጋላይ ተወልደ ገ/ስላሴን ተጋዳላይ ኑር ኢድሪስ ኣባል ፈጻሚት ናይ ወጻኢ ጉዳያት ዝተመርሐ ህዝባዊ ኣኼባ"ዚ ንህሊዊ ኹነታት ሃገርናን ህዝብናን ደምበ ተቓዉሞን ኤሪትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ጉዕዞታቱን እዋናዊ መደባቱን ኣማላኪቶም ዘቕረቡዎ መልእኽቲ ድሕሪ ምሕላፍ ምስ ኣከበኛታት ዓሚቕ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልዉዋጥ መድረክ ብምኽፋት ናብ ሕቶን መልስን ሪእይቶታትን ለቦዋታትን ተኣትወ።




ኣብዚ ዕምሪ ጸረ- ህዝቢ ዲክታቶራዊ ህግደፍ ስርዓት ንምሕጻር ምሕያል ኤሪትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ደምበ ተቓዉሞ ብሓፈሻ ግደ ኣባል ዉድባቱን ሲቪካዊ ማሕበረ-ሰባትን ህዝብን ከመይ ልዑል ክኸዉን ዝጠልብ ብዝርዝር ዘማላኸተ መድረኸ"ዩ ዝነበረ።




ኣብዚ ንዲሞክራስያዊ ጉዕዞ ቃልስና ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንምስግጋር ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ንዝቀረቡ ዝተፋላለዩ ሕቶታት ብላዕለዎት ተወከልቲ ኪዳን ተጋዳላይ ተወልድን ገ/ስላሴ ኣቦ-ወንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤሪትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን

**ተጋዳላይ ኑር እድሪስን ኣባል ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ናይ ወጻኢ ጉዳያ ኪዳን ኣዕገብቲ መልስታት ድሕሪ ምሓቦም ሃነጽቲ ርኢቶታትን ሎቦዋታትን ተቀቢሎም።**




**ኣብ መደምደምታ ድማ ኣከበኛታት በዚ ዝስዕብ ጮርሖታቱ ኣሰኒዩ ኣኼባ ብዓውት ከም ዝዛመ ንደላይ ሰላም ህዝብናን ተቃለስቲ ዉድባቱን ዓቡይ ብስራት ነበስር።**




1 ኪዳን ዝሰፍሔ መቃለሲ ባይታ እዩ






2 ዓወት ኪዳን ድሕነት ኤሪትራ እዩ !
3 ኪዳን ንመሰል ደቂ ኣንስቲዮ ይቃለስ !




4 ሓድነትና ሓድነት ኪዳን መተካእታ የብሉን !
5 ኩሉ ዓቅምታትና ንዕብየት ኪዳን ይኩን !




6 መኸተ ኪዳን ንፍትሒን ሰላምን መሰልን እዩ !




ናይ ዜና ቤት ጽሕፈት
ኤሪትራዊ ዲምክራስያዊ ኪድን
ኑኡስ ጨንፈር ኢንዲያናፖሊስ ኢንዲያና።